ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ
ሰውራዊ ባይቶ
ቤ/ጽ ኣቦ-መንበር

جبهة التحرير الإرترية
المجلس الثوري
مكتب الرئيس

ERITREAN LIBERATION FRONT/ ELF-RC
CHAIRMAN OFFICE

ኣዲስ ኣበባ፥ 24 ጥቅምቲ 2002

## ኣገዳሲ መብርሂ

## መርገጽ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ውሽጢ ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ብዛዕባ እተፈጥረ ቅልውላው

ምልካዊ ገዛኢ ኤርትራ፥ ናይ ሓባር ሃገራውን ዲሞክራስያውን ረብሓታት ንዘሎዎም ኣካላት ህዝብና፥ ናይ ዘይምትእምማን መንፈስ ብምዝራእን፥ ሰራም ተልእኾታት ብምንዛሕን ነሕዋት ከፋፊሉ ንምድካም መዋእል ስልጣን ንምንዋሕ ቀንዲ ናይ ግዝኣቱ ፖሊሲ ጌሩ ተዋፊሩ እንሆ። ብመንጽሩ፥ ኩሎም ብሃገራዊ ሓድነትን፥ ሕብረተሰብኣዊ ስኒትን ብሰላምን ዲሞክራስን ዝኣምኑን ዝቃለሱን ኤርትራውያን ተቓወምቲ ኣካላት፥ ነዚ በታኒ መስርሕ'ዚ ብምዕጻፍ ህዝብን ሃገርን ኣብ ምድሓን ተራኦም ንኸበርክቱ፥ ብሓባር ዝብገሱሉ ናይ ስኒት ባይታ ሃሰስ ኢሎም ኪረኽቡ ግድን ይኸውን። ብሕድሕዳዊ ምክብባር፥ ብምጽውዋር፥ ብሓባራዊ ዕላማ ዝልለ ምትእሳስር ከረጋግጹን ናይ ህዝቦም ሓድነታዊ ውሕስነታት ኪሃንጹን ከኣ ሃገራዊ ግቡኦም ኢዩ።

ጸረ-ምልካዊ ስርዓት ዝኾኑ ሓይልታት፥ ነዚ ልዑል ጉዳይ'ዚ ክሳዕ ክንደይ ኪዕወቱሉ ይበቕዑ ኪምስከር ዝከኣል፥ ክሳዕ ክንደይ ንጉዳይ ህዝቦም ልዕሊ ውድባዊ ረብሓታቶም የትሕዙዎ፥ ክሳዕ ክንደይ'ከ ክብ ዝበለ ሕድገታት ብምግባር ንህዝቦም ናብ ሓያልነት ከምጽኦ ዝኽእል ጽፍሒ ሓድነት የለልዩን ይበጽሑን ኢዩ። ስለዚ ኔሩ፥ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶ፥ ንሓድነት ሓይልታት ተቓውሞ ልዕሊ ውድባውን ስነ-ሓሳባውን ግምታት እናረኣየ፥ ቀዳማዊ ኤርትራዊ ኣጀንዳ ጌሩዎ ዝተጓዕዘ። ደርፉ፥ ጽሑፉ፥ ወፍሩ፥ ስነ-ምግባሩ ድማ ሓድነት ኮነ። ነዚ ኔሩ፥ ውድብና፥ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝቃወሙ ሓይልታት ሓባራዊ ባይታኦም ከለልዩ፥ ካብ ምውጣጥ ናብ ምትእስሳር፥ ካብ ምጥርጣር ናብ ምትእምማን ናብ ሓባራዊ ወፈራ መታን ኪሰጋገሩ ከይተሓለለ ዝጸዓረ። ስለዚ እውን ኢዩ፥ ንዓቕምታቶም ጠርኒፎም ንህዝብን ሃገርን ኣብ ምድሓንን ናብ ዲሞክራስን ራህዋን ኣብ ምስግጋርን ታሪኻዊ ተራኦም ንኸሰላስሉ ኣብ ዘኽእሎም ኵነታት ንኽበጽሑ፥ ውድብና ዘይሕለል ጻዕርታት ዝገበረ፥ ኣብ ምምስራትን ምሕያልን ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ህያው ተራኡ ዝፈጸመ።

ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ናይ ዕድመኡ፥ ኣብ ክሊ ምሕዝነት ሕድሕዳዊ ምትእምማን ንምህናጽ መታን ክከኣል ስለ ስኒት፥ ንኹሉ ኣካላት ብግቡእ እናሓሎና ከነሳሊ ከምዝጸናሕና፥ ብዝተፈላለየ ኤርትራውን ኣህጕራውን ከባብታት ንዝውርወረሉ መጥቃዕታዊ ወስታታትን ዝግበረሉ ፍሕሶታትን ድማ ቅድመ-ግንባራዊ ናይ መኸተ ኵናትን ዋልታን ኰንና ኣብ መላእ ዓለም ኣብ ግጥምያታት ዝጸናሕናሉ እዋን፥ ንምሕዝነት ኣዝዩ ከቢድን ጽንኩርን ዝነበረ መድረኻት ንመላእ ህዝብና እምብዛ ብሩህ ስለ ዝኾነስ፥ ኣብዚ ምዝካሩ ድኣምበር ምዝርዛሩስ ኣድላይነት ኣይንርእየሉን።

ኵነታት ሃገርና ብዘፍርሕ ቅልጣፈ ናብ ዘስግእ ጸድፊ ገጹ እናንሳተተ ምስ መጸ እውን፥ ምሕዝነት ማዕረቲ ናይዚ መዋእልዚ መኸተታት ኰይኑ ኪገጥምን ንህዝብና ሓድሽ መዋእል ዝኸስተሉ ኣንፈት ንኽሕዝን ኣገደሰና። ንተራና ብምኽዕባት፥ ምሕዝነት ሓደ ስጡምን ሓያልን ዕዉትን ናይ ተቓውሞ መተኣኻኸብን መነሃርን ኰይኑ ንኽምዕብል፥ ቅድም ኢልና ንርእስናን ንህዝብናን ቃል ብዝኣቶናዮ ደረጃ፥ ተዋሳእና። ካብ ምሕዝነት ወጻኢ ዘሎዉ ተቓወምቲ ንፌደልን መንፈስን ሃገራዊ ቻርተርና ንኽግንዘቡ'ሞ ንኽሕወሱና ብማለት፥ ሓለፉ ዝኾነ ደኹን ሓይሊ ጕየናሉን ደኺምናሉን። ቀጺልና ድማ፥ ዝለዓለ ሕድገታት ብምግባር፥ ትካላት መሓዙት ውድባት ብጠቕላላ፥ ወትሃደራዊ ክንፍታቱ ከኣ ብፍላይ፥ ኣብ ሓደ ጠርኒፉ ዘሰርሕ፥ ንጸቢብ ውድባዊ ረብሓታት ንጐኒ ዝገደፈ ብሩህ እማመ ሒዝና ተንቀሳቒስና። ጽባሕ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ሰውራዊ ባይቶን ድሮ ሓምሻይ ስሩዕ ኣኼባ ምሕዝነትን ንዘሎ ግዜ ብግቡእ ተጠቒምና፥ ንኻልእ ውድባዊ ንጥፈታትና ካልኣዊ ቦታ ኣትሒዝና፥ ምስ ክንረኽበን ዝኸኣልና መሓዙት ውድባት ሰፊሕ ናይ ሓሳባት ምልውዋጥ ከምዝፈጸምና ከኣ እተፈልጠ እዩ። ዕላማኡ ከኣ፥ ንስርሓት ኣኼባ ምሕዝነት

ዝቀባበል ባይታን ሃዋሁውን ንምስንዳእን፡ ጾር ኣኼባ ንምቅላል፡ ተወሓሒጥካ ድማ ንምጽናሕ ኔሩ። ኣብ እዋኑ ከምእተዘነየ፡ እቲ ቅድመ-ርኽክባት እቲ፡ ኣዝዩ ዘተባብዕ ኰይኑ፡ ስጡም ኣወዳድባን፡ ጥጡሕ ኣመራርሓን ንጡፍ ኣሰራርሓን ከነተኣታቱ ክብ ዝበለ ተስፋ ዘሕደርናሉ ምንባሩ ኪዝከር ይግባእ።

ኣብ ካልኣይ ሰሙን ናይ ወርሒ ጥቅምቲ 2002፡ ኣኼባ ሰክረታርያ ክሳዕ ዝደምደምናሉ፡ ብዘይካቲ ኣብ ሪፖርተር ዝወጸ ንምሕዝነት ዘጸለመ ኣንቀጻት፡ ኣብ ውሽጢ ኣኼባና ኰነ ኣብ ከባቢኡ፡ ካልእ ዝልለ ኣሉታዊ ሃዋሁው ወይ ጽልዋታት ክንዕዘብ ኣይከኣልናን። ምእንትዚ፡ ናብ ጉባኤ ላዕለዋይ መሪሕነት ዝኣተና ብኣዝዩ ክብ ዝበለ ንያትን ትጽቢታትን ኔሩ። ኰይኑ ግን፡ ኣኼባ ላዕለዋይ መሪሕነት ካብ ዝጀመረሉ ካብ 11 ጥቅምቲ ኣትሒዙ፡ ከም ግላዊ ዝፍለጥ ናይ ኢትዮጵያ ማዕከናትን ናይ ዓ ዋተ.ኮም ዓውደ ኢንተርነትን ካልኦትን ብዘስፈሩዎን ዘቃልሑዎን፡ ኣብ ጐደናታት እተነዝሐን፡ ናይ ምርጫ ወፈራ ዝመስል ኣየር ጐኒ-ንጐኒ ኣኼባታትና ኪነፍስ ተራእየ። እዚ ንህብዝና ብጠቕላላ ኣብ ዘይብሩህ ኵነታትን ጠርጠራታትን ከምዝውርሕ ገበሮ፤ ንሓያሎይ እውን ኣህወተተ። ክሳዕ ናብ ውሽጢ ናይ ኣኼባ ኣዳራሽና ኪኣቱን ዘይባህርያዊ ሃዋሁው ኪፈጥርን ተራእየ። ብፍላይ'ኳ ገለ-ገለ ዘልዓልናዮም ኣጀንዳታት ኣብ ፍሉይ ማዕከናት ምጥቃሶም ጥራይ ከይኣክል፡ ኣብ ክትዕ ቀሪቦም ዝወደቑ ርእይቶታት፡ ከም ውሳነታት መሲሎም እተዘነዩሉ ግዝያት ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ኣዳራሽ ንዘይጸደቑ ሓሳባት ብመንገዲ ማዕከናት ዜና ኣቢልካ ንምድፋኦም ዝመስል ፈተነ'ውን ካብ ዘካበበና ተወሳኺ ባእታታት ኰነ። ምስዚ ኹሉ ግን፡ ነቲ ዜናዊ ከበባ፡ ምስቲ ሒዝናዮ እንወጽእ መደባትን ውሳኔታትን ተራጺሙ ዝበንን ነገር እዩ እናበልና፡ ኣብ ዝሓዝናዮ ኣጀንዳ፡ ማለት ምምዕባል ቻርተርን ካልእ ንድፊ መደባትን ከነትኲር ፈተንና።

እምብዛ ምስ በዝሐ እንከ፡ ናይ ዕለት 20 ለይታዊ ኣኼባና ቅድሚ ምልዓሉ፡ ኣብ ሰዓት 23፡00 ለይቲ ዘጽደቕናዮ መደባትን ዘልዓልናዮ ኣጀንዳን፡ ኣብቲ ሰዓታት እቲ ኣብ እተሓትመት ሪፖርተር እተባህለት ጋዜጣ ካልእ-ማልእ ወሳሲኹ ምስ ተቓልሐ፡ እቲ ነገር ደረት ከምዝሰገረ ተገንዘብና። ኣቦ-መንበር ውድብ፡ ነዝን ንኹሉቲ ቅድሚኡ ዝኸደ ዜናዊ መናፍሕን ናይ ምርጫ ዘመተ ዝመስል ስርሒታትን ዝተነዝሐ ጽሑፋት ቅዳሓት ናብ ኣኼበኛታት ብምቕራብ፡ ካብ ውሽጢ ኣኼባ ዝሰንቕ ዘሎ ማዕከናት ምዃኑ ብሩህ ገበረ። ንመጻኢ ድሕነት መደባት ምሕዝነት ሓደገኛ ኣንፈት ምዃኑ ድማ ብምቅላዕ ከኣ፡ ብሰክረታርያ ኣኼባ ዘድሊ ስምዕታ ንኽውሃብ ሓተተ። እቲ ሓሳብ ቅቡል ኰይኑ ድማ፡ ኣቦ መንበር ሰክረታርያ ጉባኤ ነቲ ስምዕታ ብትሪ ኣተሓላለፎ። ይኹንምበር፡ ክሳዕዚ ደረጃ እዚ፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ደጋዊ ኣካል ተጽዕኖ ምልክት ክንርኢ ኣይከኣልናን። ኣኼባታትና ናጻ ሃዋሁው ዓሲሉዎ ቀጸለ፡ ንምጽዳቕ ሰነዳት ዝምልከት ስርሓቱ ድማ ፈጸመ። ከም ወትሩ፡ ደምዳሚ ኣኼባ፡ መሪሕነት ምቛም፡ ደምዳሚ መግለጺ ድማ ምጽዳቕ ስለ ዝኾነ፡ ቅድምዚ መሓዙት ውድባት ናይ ምምኽኻር ዕድል መታን ኪህሉወን፡ ኣስታት 20 ሰዓታት ዝኸውን ናጻ ግዜ ኪኸውን ተመደበ። ምርጫ ኣብ ዕለት 21 ምሸት ሰዓት 19፡00 ንኽጅምር ተቖጽረ።

ርእይቶ ውድብና ኣብ ጉዳይ ምርጫ ብሩህ ኰይኑ፡ ንርእሱ ዘቐደመ ኣይነበረን። እንታይ ድኣ፡ ነባራት ኣባላት ቻርተር ካብ ዝጸንሑ፡ ቅድሚ ሕጂ ዘይመርሑ ውድባት ንኽመርሑ ኣተባብዐ። ምናልባት ንኽመርሑ ቅሩብነት እንተድኣ ዘይብሎም ከኣ፡ ውድብና ንምሕዝነት ናብ ክብ ዝበለ ደረጃ ንምስግጋሩ ብዘሎ ዓቕምታቱ ጸሚዱ ንኽመርሖን ንኽዐውቶን ዘሎዎ ቅሩብነት ብሩህ ጌሩዎ ጸንሐ። ብደረጃና ጥራይ ዘይኰነ ኸኣ፡ ተ.ሓ.ኤ-ሰውራዊ ባይቶ፡ ብደረጃ ካልኦት መሓዙት ውድባት'ውን ከም ርዱእ ሕጹይ ውድብ ተወሲዱ ጸንሐ።

ኰይኑ ግን፡ ናይ ምምኽኻር መዓልቲ ምስ መጸ፡ ውድብና ምስ ኵሎም ምውኽኻስ ከፈተ። እቲ ዘሕዝን ጉዳይ ከኣ ሽዑ ተጋህደ። መብዛሕትኡ ውድባት ብዘደንጹ ደረጃ ኣብ ሓደ ነጥቢ ጸሚሙ ረኺብናዮ። ናይ ዞና መንግስታት ስለ ዝደለያኦ፡ ኣህጉራዊ ደገፍ እውን ስለ ዘሎዎ፡ ንሕሩይ ክመርሕ ክንገድፎ ኢና፡ እትብል ካልኣይቲ ዘይብላ፡ ኣይትብላዕ ኣይትስተ ቃል ጥራይ ድማ ኣሰምዓና። ንሕና ድኣ ንምዝን፡ ዝሕሸና ንምክር ኢልና እንተ ደፋእና እንከ፡ እቲ ጉዳይ መልሲ ዘይብሉ ሕትሞ ኰነና። ኣየኖት ጐረባብቲ እዮም ነዚ ዝመርጹ ንዝብል ሕቶና'ውን መልሲ ኪህቡሉ ቅሩባት ኣይነበሩን። ጉዳይና ብጐረባብቲ ዝውሰን ኣይኰነን፤ ብጉዳይና እንውስን ንሕና ባዕልናዶ ከይኰንና፡ እዚ ይሓይሽ፡ እዚ የዐውት ተበሃሂልና ባዕልና ክንውድኦ ይግባእ ምስ በልናውን፡ ፈተነታትና ከንቱ ኰነ። እቲ ነገር ብሓቂ ዝስደምም ኰነ። ከምቲ ምስ ካልኦት፡ ከምኡውን ምስ ኣቶ ሕሩይ ወኸሳ ምስ ተገብረ እውን፡ ሕፍር ከይበለ፡ “ናይዚ ዞና መንግስታት ምራሕ ይብላኒ ኣሎዋ፡ ኣህጉራዊ ደገፍ ክሳዕ ናይ ኣመሪካ ደገፍ'ውን ኣሎኒ፣ እዘን ውድባት እውን ኩለን ተሰማሚዐናሉ ኣሎዋ ኪብል ኣረጋገጸ። እቲ ናቱ ኸኣ ካብ ናታተን ዝገደደ ዘርምም ነገር ኰነ።

ብመንጽርቲ ዘዘራረብናየን መሓዙት ወድባት ኣጋጢሙና ዝበላኦ ተጽዕኖ ኪርኦ ከሎ፡ ምሕዝነት ኣብ ሓደገኛ ጽፍሒ ከምዝኣተወ፡ ምናልባት ብዘይነጸረ ኣካላት ይውነንን ዳግመ-ስርርዕ እውን ይግበረሉ ድኾን ኣልዩ፡ ዝብል ሕቶ ኣልዓለ። እተን ውድባት ነዚ ኢለን ምድራቐን ንዓና ኣብ ኣዝዩ ጽንኩር

ኮነታት ኣእተወና። እቲ ወኸሳታት ምስ ወዳእናን ምስ ተቐብጸናን፡ ብወገንና ክንወስዶ እንኽእል ስጕምቲ ክንርኢ ግድን ነበረ፣ ብጾት ኣባላት መሪሕነት ኲፍ በልና፡ ነቲ ኮነታት ድማ ብኹሉ ገጻቱ ኣጽናዕናዮ። እቲ መሓዙት ውድባት ኣጋጢሙና ዝበላአ ተጽዕኖ ሓቂ እንተድኣ ኰይኑ፡ ብደረጃአን ኪርአ ከሎ፡ እቲ ጕዳይ ንጸቢብ ውድባዊ ህልውናን ረብሓን ክትብል ናጽነት ርእይቶኻ፡ መሰል ናጻ ፖሊቲካዊ ውሳኔኻ ኣሕሊፍካ ምሃብ፡ ኣብ ክብረት ኣባላትካን ህዝብኻን ንፋስ ምእታው፡ ከይዱ-ከይዱ ድማ ንልዑላዊ መሰላት ህዝብን ሃገርን ንሓደጋ ዘሳጥሕ ኪኸውን ይኽእል ኢዩ ክንብል መዚንና። እቲ ኣብ ቅድሜና ዝነበረ ምርጫታት ድማ ክልተ ኰነ። ወይ ነቲ ልዑል ዕላማታትን መትከላትን ውዱቕ ጌርካ፡ ምንብርካኽ ኣሜን ድማ ምባል፡ ወይ ኣብ መትከል ናጽነት ፖሊቲካዊ ውሳኔኻን ውሳኔ ህዝብኻን ጠጠው ምባል፡ ንተቓውሞኻ ኣንጺርካ፡ ንምዕራይ ምሕዝነታዊ ዕዮ ምቕጻል። ነዚ ንምግባር ከኣ፡ ነዚ መትከላዊ መርገጽዚ ኣብሪህካ፡ ናይ ተቓውሞና መግለጺ ብፍላይ ካብ ምርጫ ምስሓብ ኰነ። ካብ ምሕዝነት ምውጻእ ዝብል ሓሳብ ግን ብዝተሓተ ደረጃኡ'ውን ብጥቓ ኣእምሮና ኣቢሉ'ኳ ኣይሓለፈን፤ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኮነታት ኣብ ክሊ ዝፈጠርናዮ ምሕዝነት ክንቃለስን ከነጻፍፍን ነቕ ዘይብል እምነትና ስለ ዝኾነ። እዚ ክንብል ከሎና ግን፡ ብዘይካቲ ብመሓዙት ውድባት ዝቐረበልና፡ ኣብ ልዕሊ ውድብና ዝተገብረ ናይ ተጽዕኖ ወስታታት ወይ ኣንፈታት ካብ ዝኾነ ይኹን ጐረቤት መንግስቲ ከቶ ኣይነበረን፡ የሎን ድማ። ግንከ፡ ኣብ ትሕቲ ተጽዕኖ ኢና ንመርጽ ዘሎና ካብ በላ፡ ናጽነት ፖሊቲካዊ ውሳኔአን ከሲረን ናብ ዓዲ ዝኣትዋ ናይ ፖሊቲካ ሓይልታት ንህዝብና ውርደትን ድኽመትን ተማሊኣናሉ ኪመጻ እንተዘይኰይኑ ኪዓብስኦ ከም ዘይክእላ ስለ ኣንፈልጥ ነቲ ድኽመትን ዘሰንዮ ሓደጋን ከነጋልጽ ሃገራዊ ሓላፍነትና'ዩ።

ድሕር'ዚ ተርእዮዚ፡ "መንግስታት ዞና ምራሕ ኢለናኒ ኣሎዋ" ዝበለ ኣቶ ሕሩይ ኲረሻ ናይታ ዘይፈልጣን ኪፍንፍና ዝጸንሐን ምሕዝነት ምስ ተወጥሐ፡ ነቲ ሽግር ንኽፈትሕ ግልጽ ኣይበለን፡ ኣይውራዩን ከኣ። ንሕና፡ ነቲ ኣብ ህዝብና ኣብ ከባቢ እዚ ተርእዮ እዝን ኣብ ከባቢ ዘንጸባረቕናዮ መርገጽን ስግኣትን ጥርጠራን ዘይተመለሰ ሕቶታትን ከምዝፈራረቕ ንፈልጥ። ብመንጽር እቲ ህዝብና ሒዙዎ ዝወርሐ ትጽቢት ክርአ ከሎ እሞ ኸኣ ኣዝዩ ዝድህል፡ ንተስፋታት ዘዛሕትል ሕማቕ ተረኽቦ ምዃኑ ንግንዘብ ኢና ጥራይ ዘይኰነስ ኣዚና እተቐንዞና ኣካሉ ኢና።

ኣስዒብና እምብኣር፡ ብግቡእ ንክምግንዛቡ መታን ኪከኣል፡ ንርእይቶና ብመንጽርቲ ኣብ ምሕዝነት እተፈጥረ ኮነታት ተመልኪትና ነዚ ክንገልጽ ኣገዳሲ ኰይኑ ንረኽቦ።

1. ብመሰረት እተን ዘዘራረብናየን መሓዙት ውድባት ዝበላኦ ንምርጫ ዘንጸላለው፡ ንውድብና ግን ዘየጋጠሞ፡ ናይ ከባቢ መንግስታት "ንሕሩይ መሪጸናኦ" ኣሎዋ ተባሂሉ ብኣኣን እተሓበረና ጣልቃ ኣታውነት ብዝምልከት፡ እተን መንግስታት ይውዓላኦ ኣይውዓላኦ ካልእ ኰይኑ፡ መሓዙት ውድባት ግን ነቲ ዝበላኦ ኣብ ውሽጣዊ ኤርትራዊ ጕዳያት ወሳኒ ተራ ከትሕዛኦን ብኡ መሰረት ኣመራርሓና ንኽምደብ ከፍቅዳን ንሓደጋን ንስንፍናን ከሳጥሓናን ኣይግባእን ኢልና ንኣምን። እዚ ናጽነት ውሳኔአንን ውሳኔ ምሕዝነትን ዝድምስስ ተርእዮ ኢዩ ዝብል ንጹር ሚዛን እዩ ዘብጽሓና። ናይ መትከል መርገጽ ከኣ ሒዝናን ንሕዝን። ሎሚ ምምብርካኽ እንተጀሚርና'ሞ ጽባሕ ከኣ ብበጠበጥ ክንከይድ ሰቲ ክንከውን ኢና ማለት'ዩ ዘስምዕ!!

2. ኣቶ ሕሩይ ዝውንኖን ዘይውንኖን ዓቕምታት ካልእ ጕዳይ ኰይኑ፡ ኣብዚ ደረጃዚ ንምሕዝነት ክመርሕ ኣይግባእን ኣይበቅዕን ድማ ዝበልናሉ ግን፡ በዚ ዝስዕብ ሓቅታት ዝግለጽ ኢዩ። ብዝቐደመ፡ ሓድሽ ኣባል ዝኾነ ውድብ፡ ንምሕዝነት ክፈልጦን ክምኰሮን ግዜ ስለ ዘድልዮ፡ ንዘይትፈልጦ ኣካል፡ ማለት፡ ብፍላይ ከኣ ብምሕዝነት ንዝተኣሳሰረ ፖሊቲካዊ ሓይሊ ምጽእ ኢልካ ክትመርሖ ዘይከኣል ስለ ዝኾነ። ሓድሽ ኣባል ዝኾነ ውድብ ከም ግቡእ ንኽፈልጥ ንርእሱ ዕድል ይህባ፡ ንመሓዙት ውድባት ድማ ንኽለልያኦ ዕድል ይህሉወን። ካልኣይ፡ ብሚዛንና፡ ንኣቶ ሕሩይ ከም ናይ ፖሊቲካ ሰብ ብምውሳድ፡ ናይ ቀደም ገዲፍና ናይ ዘሎናዮ እዋን ተመክሮኡ ጥራይ እንተመዘንና እውን፡ ብሓያሎይ ነሓድሓዱ ዝዋቓዕ ናይ ርእይቶን መርገጽን ምግልባጣት እናተለለየ ዝመጸ ሰብ ምዃኑ ኢና እንፈልጥ። እኩብ ድምር ናይዚ ዘይጥጡሕ ኣመለኻኽታታቱ፡ ዘርኣዮ ሓቂ እንተድኣ ኣልዩ፡ ኣቶ ሕሩይ ኣብ መስርሕ ምምዕባል መርገጽ ዘሎ ሰብ ድኣምበር፡ ከተኣማምን ብዝኽእል ደረጃ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ገና ኣጠጢሑን ኣትሪሩን ዝረገጸ ባእታ ከምዘይኰነ ኢዩ። ብዝኾነ፡ ናይ ኣባልነት ሕቶኡ ንኽልተ ምኽንያታት ጸዲቑ። እቲ ሓደ፡ ኣብ ክሊ ምሕዝነት ኣብ ጕዕዞ ኪምዕብልን ኪንጽርን ዕድል ኪህሉዎ ኢዩ፡ ዕድል ይሃሉዎ ዝብል ኰይኑ፡ እቲ ካልኣይ ከኣ ወጻኢ ካብ ምሕዝነት ዝርከቡ ካልኦት ፖሊቲካውያን ኣካላት ናብ ምሕዝነት ንኽኣትዉ ንምትብባዕ ኔሩ። ይኹን'ምበር፡ ኣቶ ሕሩይ፡ ምስዚ ኹሉ ገልበጥበጡ፡ ቀጥ ኢሉ ብንጹር መርገጽ ኪጐዓዝ ንዝጸንሐ ምሕዝነት ዝልዓለን ተሃዋስን መሪሕነታዊ ቦታ ሒዙ ንኽመርሖ ከቶ ዘይበቅዕ ኢዩ።

3. ካብዝኸ ናበይ፡ ዝብል ሕቶ ህያውን መሰረታውን ኢዩ። ብዕግበትና፡ ኣብ ክሊ ምሕዝነት ክንቃለስ ከምእንኽእል ኢና ንፈልጥ። ነዚ ድማ ብዘየደናግር መልክዑ ብሩህ ጌርናዮ ኢና። ነዚ ንምርግጋጽ፡ ክሳዕ ሎሚ ክልተ ኣገዳሲ መልእኽታት ብምጽሓፍ፡ ከም ኣባላት ምሕዝነት ናይ ትካላቱ ኣኼባታትን ንጥፈታትን ክንሳተፍ መታን ክንክእል፡ ክልኣሽልና ሓቲትና ጸኒሕና። እቲ ምሕዝነት በዚ ተወዲብዎ ዘሎ፡ ንፈደልን መንፈስን ናይቲ ቻርተር ጠንጢኑ፡ ካልእ ኣቕጣጫ እንተድኣ መሪጹ ኸኣ፡ ንሕና ነቲ ቻርተር ሒዝና ንጸንዕ፤ ኣብ ከባቢኡ ኪጥርነፍ ቅሩብነት ዘሎዎ ሃገራዊ ሓይልታትን ማሕበራትን ባእታታትን ንምጥርናፍ ከኣ ቃልስና ቀጻሊ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ዝቐደመ ዝያዳ ክሓንን ኢዩ። ምእንትዚ፡ ብወገን ሕሩይ ኣብ ኰረሻሻ ተወጢሕካ ኣርሒቕካ ናይ ምህዳም ምርጫ ከምዝተወሰደ ዘርኢ እኹል ምልክታት ኣሎ። ንምንታይ ብዘይሱታፌ ወኪል ውድብና ኣኼባ ሰክረታርያ ምክያዱ ሓደ ካብዚ ኢዩ። ኣብ ትሕቲ እዚ ኩነታት'ዚ ምስ መሓዙት ውድባት ዘሎና ካዕባዊ መስኖታት ርክክብ እተዓቀበ እዩ፡ ቀጸልቱን መማዕበልቱን ድማ ክንከውን ኢና። ነቲ ከነድሕኖን ከነምልሶን እንኽእል ነባር ናይ ምትእምማን መኸሰባት ምሕዝነት ንምድሓን ከኣ ሓላፍነትና ምዃኑ ኣዕዚዝና እንግንዘቦ መሰረታዊ ጉዳይ ኢዩ። ውድባዊ ንጥፈታትና ናብ ዝለዓለ ጽፍሕታት ንኽበጽሕ ኪሓንን ኢዩ፡ ንምጥርናፍ ዝሰፍሐ ምሕዝነታዊ ምትእስሳር ኣብ ደንበ ተቓውሞ ዝዋስኡ ዘሎዉ ሓይልታት ከኣ ብዝለዓለ ተወፋይነት ክንጽዕት ኢና።

4. ኣብ መዳይ ዝምድናታት ምስ መንግስታት ዞናና፡ ርክክባትና ቀጻሊ ኣሎ፡ እዚ ንኺዕቀብ ከኣ መደባትና ነጺሩ ወጺኡ ዝጸንሐ ኢዩ። ንምልካዊ ስርዓት ንምሕናቕ ኣብ እንገብሮ ኩሉ መዳያዊ ስራሕና ንኾሉ ዞናታት ኪሸፍን ከኣ ትጽቢት ይግበረሉ። ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ድሕርዚ ምዕብልናታትዚ ምስ መሪሕነት ውድብና ኣብ ዝተገብረ ዝርርብ፡ ኣብ ውሽጢ ጉዳያት ምሕዝነት ጣልቃ ብምእታው ንእገሌ ምረጸ ንእገሌ ኣይትምረጸ ኢልና ኣብ ልዕሊ እዘን ውድባት ተጽዕኖ ዝገበርናሉ ኣብነት የብልናን ኪብሉ ኣሉታ ሂቦምሉ ኣለዉ። ኣመሪካውያን ብዛዕባዚ ኩነታት ኣዝዮም ከምእተገደሱ እውን ርኢና። ምሳታቶም ኣብ ዝገበርናዮ ናይ ሓሳባት ምልውዋጥ ከኣ ብዛዕባዚ ጉዳይዚ ሚዛናዊ ተረድኦ ከምዘሎዎምን ንዝምድናታትና ዝዕንቅፍ ተርእዮ ከምዘይኮነን ክንግምግም ክኢልና። ብዘይካዚ ውድብና ነቲ እተፈጥረ ሃዋሁው ኣብ ጉዕዞ ንምጽራይ፡ ምስ ኩሉ ኤርትራውን ዘይኤርትራውን ሽኻት'ውን ናይ ወኸሳ ርክክባትና ቀጻሊ ኣሎ። ነቲ መሓዙት ውድባት ናይ ዞና ድሌታት ኢና ፈጺምና እናበላ ዝመደራሉ ተጽዕኖ ከኣ፡ ካበየናይ ምንጪ ኢዩ፡ ሓቅነቱኸ ክሳዕ ክንደይ ኢዩ ንኽንፈልጥ ክንድህስስ ግቡእና ኢዩ።

ኣብ መደምደምታ ናይዚ መብርህ'ዚ፡ ነዚ ክንብል ንደሊ። ይትረፍዶ ኣብ ክሊ ሓደ ብሓያሎይ እተፈላለየ ፖሊቲካዊ መስመራት ዝተረሓሓቐ ብዝተሓተ ነጥበ ስምምዕ ዝተኣሳሰረ ሓይልታት፡ ኣብ ክሊ ሓደ ውድብ ወይ ፓርቲ እውን ሽግራትን ዘይምርድዳኣትን ኪፍጠር ዝከኣልን ባህርያውን ኢዩ። ናጻ ርእይቶኻ ክሳዕ ዝወነንካ ድማ ብህዱእ ልዝብ ክፍታሕን ኪመሓደርን ይኽእል ኢዩ ኢልና ንኣምን። ንምንታይ እቲ ከነማእዕዱዎ ዘሎና ናይዚ መዋእልዚ ኣውራ መኸተ እቲ ንህዝብና ናብ ገደል ዝንውንዎ ዘሎ ገዛኢ ሓይሊ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ዘልግሰሉን፡ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ዝረገገጸሉን ኣቚራጭ መንገዲ ኢዩ። እዚ ድማ ኩሎም እቶም ኣብ መዳይ ተቓውሞ ዝዋስኡ ዘሎዉ ሓይልታት፡ ማሕበራት፡ ምሁራን፡ መንፈሳውያን መራሕቲ፡ ሃገራውያን ባእታታት ወዘተ. ዝሳተፉዎ ተ.ሓ.ኤ ኣንጊሁ ዝጸውዖ፡ ድሒርና'ውን ብደረጃ ምሕዝነት ዝደገምናዮ ሃገራዊ ዋዕላ ምጽዋዕን መተካእታታትና ምህናጽን ኢዩ። ንሕና ነዚ ከነማዕዱ ጸኒሕና፡ ንምርግጋጹ ድማ ቃልስና ቀጻልን ሓናንን'ዩ። ናይ ህዝብና ልዑላዊ ኰነ ዲሞክራስያዊ መሰላት ኣብ ናጽነት ርእይቶኡን ፖሊቲካዊ ውሳኔኡን ዝተመስረተ ስለ ዝኾነ ድማ፡ ነዚ መሰረታዊ መትከላዊ መርገጽዚ ሓርበኛውያንን ዲሞክራስያውያንን ደቂ ኤርትራ ብጽንዓት ድው ኪብለሉ ንጽውዕ።

ጐረባብትና ዝኾና ሃገራት፡ ነቲ ኣብ ምሕዝነት እተረኽበ ቅልውላው፡ ብግቡእን ሚዛናውን ኣመለኻኽታ ኪርእያኦ፡ ውድብና ኣብ ሰናይ ጕርብትናን፡ ሕድሕዳዊ ምክብባር ንዝተሰረተ ምትሕግጋዝን ዞናዊ ርግኣትን ሰላምን ንምርግጋጽ ዝለዓለ ዋጋ ኪኸፍል ዝጸንሐን ዘሎን ሓይሊ ብምዃኑ፡ ንሓባራዊ ጠቕሚ ንምትሕግጋዝ ዘሎዎ ቅሩብነት ከነረጋግጽ ንፈቱ።

*መሰረት ልዑላውነት ህዝብን ሃገርን ዝኾነ ናጻ ኤርትራዊ ፖሊቲካዊ ውሳኔ ይጽናዕ!*
*ውድቀት ንዲክታቶርያዊ ግዝኣት ኣብ ኤርትራ!*
*ነባሪ ዝኽርን ክብርን ንሰማዕታትና!!*

ሥዩም ዑቕባሚካኤል
ኣቦ-መንበር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ-ሰውራዊ ባይቶ